# ኤርትራ፡ 21 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ናጻ ናጽነት

ብዶ/ር በረኸት ፈዳይ

ህዝቢ ኤርትራ መበል 21 ዓመት ጽንብል በዓል ናጽነቱ ከብዕል እንከለሎ ርዝነት ናጽነቱ ብመንጽር ናይዘን እንዳዛየዳ ዝኸዳ ዘለዋ ሒዶት ዓመታትን፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣስሪጽዎ ዘሎ ፍሉይ ክብሪ ሃገራውነትን ኣዛሚድካ ክርአ እንከሎ ኣብ ሓጺር ናይ ጊዜ መቓን ዝተኾልዐ ምዕባሌ ብምኳኑ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ፍሉይነቱ ዘጉልሐ፡ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ይትረፍ ክበጽሓኦ ክሓልምኦ እኳ ዝእግመን ኣብ ገዛእ እንግድዕእኻ ተመርኪስካ ዝተበጽሐ ባብ ምዕባሌ ስለዝኾነ፡ ስጉሚ ኤርትራ፡ ኣዝዩ ዘተባብዕን ዘኹርዕን እዩ።
ሃገራት ኣብ ጉዕዝኦን ናይ መጻኢ ዕድለን ዝውስን ክልተ መንገዲ እዩ ዘለወን። እቲ ቀዳማይ፡ ክትከዶ ኣዝዩ ቀሊልን ሓጺርን ኮይኑ መብዛሕትኦን ሃገራት ኣፍሪቃ ከይደን ዘይተዓወታሉ፡ ኣብ ምጽወታን፡ ተጸባይነትን ጽግዕተኛነትን ዝሸምም፡ ብልሽውና ዝኹስኩስ ኣብ ምሕረት ካልኦት ሃገራት ዝርምስ መንገዲ ጥፍኣት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ መንገዲ ድማ ውሑዳት ሃገራት ጥራሕ ከይደን ዝተዓወታሉ፡ ንምዕቡላትን ሃብታማትን ሓያላት ሃገራትን ጥራሕ ዝተሓዝአ ነዊሕን ከቢድን መንገዲ እዩ። በዚ ጎደና ምዕባሌ ክትምርሽ፡ ወናኒ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያኻ ክትከውን ከምዝግባእ ከም ቅድመ ኩነት ዝቐርበልካ ሓያል መርበብ ዘለዎ ጉዕዞ ድማ እዩ።
ኣብ ኣፍሪቃ እታ እንኮ ወናኒት ናጻ ፖለቲካዊ መስመር ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ  መሪጻቶ ዘላ መንገዲ ዕቤት በቲ ከቢድን ነዊሕን ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ሕማቕ ናይ ጽቡቕ ኣብነት ንኽይትኸውን ተባሂሉ ዝተፋሕሰ ውዲታትን ሸርሒታትን ድማ እዩ እዚ ሕጂ ትሓልፎ ዘላ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይሓለፍኦ እገዳ ኣብ ልዕሊ እገዳ ዝወርዳ ዘሎ። እዚ ፈተነ ግን ንኤርትራ እኳ ዳኣ ዝያዳ ዘብልሓን ክብራ ዝድርዕን ብምኳኑ ንናይ መጻኢ ምዕባሌኣ ውሕስነት ክትከፍሎ ዘለዋ ዋጋ ድማ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ቅድሜኣ ምስ ጊዜ እንዳተለዋወጡ ዝኸሰቱ ውዲታት ጌና ክገጥሙዋ እዮም። ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ብንቕሓት ዝመከትናዮም፡ ብድሕሪ ሕጂ'ውን ምስ ሙሉእ ርእሰ ተኣማማንነት ዕዉታት ኮይና ክንወጽኦን ነታ ምዕብልቲ ሃገር ንምህናጽ መብጽዓ ሕድሪ ሰማእታት ዝኣተናላ ከነተግብር ምኳና ኣይንጠራጠርን። በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ምኽንያታት።

1. ምስ ኩነታት ኣንፈቱ ዘይስሕትን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝቃለስን ዉፉይ ፖለቲካዊ መሪሕነት ስለዝተዓደልና።
2. ብጽፍሩ ዝናበር ጻዕራምን፡ ብሃገራዊ ስኒቱ ዝለለ፡ ጭዋ ህዝቢ ስለዝተኸበብና።
3. ከም ወርቂ ብሓዊ ዝተሳሕለን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጸን ኣሽንኳይዶ ሓንሳብ ዝከኣል ነይሩ እንተዝኸውን ክልተ-ሰለስተ ጊዜ ክስዋእ ድልው ዝኾነ  ተባዕ ሰርዊት ስለእንውንን።

ስለዝኾነ፡ ምዕቃብ ናይዞም ክብርታት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ኮይኑ ጽንብል ናጻ ናጽነትና መኸተና የሐይልና ክንምርሽ ዘዘኻኽር ዕለት እዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ